# ምብጻሕ ኣቦ-መንበር ተሓኤ-ሰባ ብጻይ ስዩም ዑቕባንኪኤል
# ናብ ከተማ ቫንኮቨር(ካናዳ)

ከተማ ቫንኮቨር፡ ብደረጃ መራሒ ናይ ዝኾነት ኤርትራዊት ውድብ (ኣብ ስልጣን ዘላ ትኹን ኣብ ተቓውሞ) ብዕሊ ክትብጻሕ፡ ንመጀመርያኣ'ዩ። ኣብ ውሽጢ ሓጺር ግዜ፤ብኣባላት ተሓኤ ሰ.ባ ኣብ ከተማ ቫንኮቨር ብዝተገብረሉ ዕድመ መሰረት፤ ብጻይ ስዩም፣ ኣቦ መንበር ተሓኤ ሰ.ባ፡ ኣብ ከተማ ቫንኮቨር ተረኺቡ፣

1) ምስ ኣባላት ውድብ
2) ንዘቕርቦ ትሕዝቶ ብቐረባ ክከታተሉ ምስ ዝኽእሉ
3) ክፉት ሓፍሻዊ ኣኼባ ኣካይዱ።

ኣብ'ዞም ዝተፈላለዩ ኣኼባታት፣ ትሕዝቶ ገለጽኡ ኣዚዩ ሰፊሕ ኮይኑ፣ ብፍላይ ከኣ ኣብ፣

ሀ. ጉዳይ ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን
ለ. ጉዳይ ቢሄራት ኣብ ኤርትራን፡ ንቢሄራት "ንውክል" ዝብላ ውድባትን
ሐ. ጉዳይ ዶብን፡ ዝምድናና ምስ ጐረባብቲ ሃገራትን
መ. መርገጻት ተሓኤ ሰ.ባ ኣብ መድረኻውን መሰረታውን ጉዳያት ሃገርናን ህዝብናን

ዓሚቑን ቀላሲን መግለጺ ሂቡ።

- ብጉዳይ ደምበ ተቓውሞን ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳንን ኣመልኪቱ፣ ንኣድላየነት ምቛምን ምሕያልን ኤ.ዲ.ኪ፣ ተሓኤ ሰ.ባ ብዑቱብ ዝተቓለሰሉን ዝቃለሰሉ ዘሎን ምኳኑ ... ግደ ኤ.ዲ.ኪ ኣብ ደምበ ተቓውሞ፡ ንናይ ተቓውሞ ውድባት ኣወሃሂዱ፤ጠርኒፉ ምጉዓዝ ... ግደ ኣባላት ውድባት ኣብ ደምበ ተቓውሞ ድማ፡ ንህዝበንን ጸጋታት ሃገረን ጠርኒፈን ነብሰን ብምሕያል፡ ሓያል ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን ምፍጣር ምኳኑ ... ግደን ዕምርን ናይ ኤ.ዲ.ኪ ድማ፡ ንጉዕዞ ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ፡ ናብ ሃገራዊ ዋዕላ ምብጻሕ እዩ ኢሉ።
- ብጉዳይ ቢሄራት ኣብ ኤርትራን፡ ንብሄራት " ንውክል " ዝብላ ውድባትን ኣመልኪቱ፣
  ዝኾነት ውድብ ክትውደብ ፡ ናይ ምውዳብ መሰላ ምኳኑ፣ ብኣንጻሩ ድማ፤ ዝኾነት ኤርትራዊት ቢሄር ብቑንጨላ ክምዘይትውከል ተሓኤ ሰ.ባ ብመትከል ትኣምን ኢሉ።
- ብጉዳይ ዶብን፡ ዝምድናታትና ምስ ጐረባብቲ ሃገራትን ኣመልኪቱ፣
  ጐላጉል ባድመን፡ ዓድታት ከባቢ ጸሮናን ባዳን ኣጥፊኢካ፣ ቅሬታትካ ከየስማዕካ፣ ንውሳኔ ኮምሽን-ዶብ፡ ንዓቐብ-ኣፉ ቅኑዕ! ጽቡቕ! ነይሩ ኢልካ ክስገር፡ ዘይቅኑዕ ምኳኑ፣ እንተኾነ ብመሰረት እቲ ኣቐዲሙ ዝተኣትወ ስምምዕ "ውሳኔ ኮሚሽን ዶብ፡ ናይ መወዳእታን ቀያድን" ብምኳኑ፡ ኣብ ግዝኣተ-ሕጊ ተመርኲሱ፡ ዶብ ኤርትራን ኢትዮጵያን ክሕንጸጽ። ዝኾነ ብጉዳይ ዶብ ክርከብ ዝኽእል ዘይምስምማዕ ናብ ናይ ክልቲኡ ኣህዛብ ዳግም ምድምዪ ከየምርሐ፣ ብዘተን ብሕግን ጥራሕ ክፍታሕ ኣለዎ እሉ።
- ኣረኣእያ ተሓኤ ሰ.ባ፡ ኣብ መድረኻዊን መሰረታውን ጉዳያት ሃገርናን ህዝብናን ኣመልኪቱ፣
  ኤርትራ፤ ህዝባ ውሑድ፡ንኡሽቶ ሃገር፣ እሞ ኸኣ ብዓበይቲ ሃገራት ዝተኸበት ብሰንኪ ምኳና፣ ውሕስነት ምህላዋን ቀጻልነታን ከም ኣድማዒት ሃገር፡ ኣብ

ለባምን ወሓለን ሓይሊ ህዝባ ክትሙረኰስ ክጥለባ ምኺኑ፣ እሞ ኩሉ ኤርትራዊ ነዚ ራኢ እዚ ንምሕያል ንጡፍ ግደ ክጻወት ንጽውዕ ኢሉ።

ኣኼበኛታት፡ ንትሕዝቶ ገለጽኡ ብጽሞና ድሕሪ ምክትታል፡ ድሕሪ ናይ ሕቶን መልስን ለበዋታትን እዋን፣ ምስጋናኦም ናብ ብጻይ ስዩም ኣቃሊሖም።

ተሓኤ ሰ.ባ
ቫንኮቨር / ካናዳ

<u>መተሓሳሰቢ፣</u>

እዚ ሓጺር ጸብጻብ'ዚ፡ ኣረዳድኣና ንናይ ብጻይ ስዩም ዑቕባንኪኤል ኣቦ መንበር ተሐኤ ሰ.ባ፣ ኣብ ከተማ ቫንኮቨር(ካናዳ) ንዝሃቦ ገለጻ የንጸባርቕ። ዝኾነ ፍልልይ ምስቲ ናይ ኣቦ መንበር ዝሃቦ ገለጻ ምስ ዝርከብ፣ እቲ ኣቦ መንበር ዝህቦ ከም ዝጸንዕ ነፍልጥ።









